ንጸረ እገዳ ኢሰያስ ተዋሳእቲ ዝኾንን ርእሲ ዓንቀጽ

# ዝንእደካ የጋግየካ፡ ዝግስጸካ ይእርመካ!

**ብሓልዮት መርበብ ሓበሬታ ደቀባት ኤርትራ 20.02.2010 ዓ.ም.**

ኣብ'ዛ ብጺሕናያ ዘሎና ወርሒ የካቲት 2010 ዓ.ም.: ጸረ እገዳ ውሳኔ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ልዕሊ "ፕረሲደንት ኢሰያስ" ኢና! ደገፍቲ መንግስትና ኢና"! ኢሎም ንስዊዘርላንድ ገይሾም ደገፎም ክገልጹ'ዮም ዝብል ወረ ይስማዕ ኣሎ። ነቲ ሃለዋት ህዝቢ ኤርትራ ብቐረባ ዝከታተል ሰብ ግና: ነዚ ወረ'ዚ ክሰምዕ ከሎ "ሓጺሩ ኣንተበልኩዎስ ተደቢሩ ይስዕስዕ" ጥራይ እዩ ክብል። ስለ'ዚ ክቡራት ተኻታተልቲ መርበብ ሓበሬታ ደቀባት ኤርትራ: እስከ ንሕና'ውን ከም ዓቕምና ብዛዕባ ኩነታት ሃገርና ስለዝምልከተና: ነዚ ክግበር ዝሕሰብ ዘሎ ኣዋናጣ ዝኾነ እሞ ብስም "ጸረ እገዳ" ኣብ ከተማ ጀነቭ ስዊዘርላንድ ክዳሎ ተሓሲቡ ዘሎ ተዋስኦ: ብምቅዋም ነዚ ዝስዕብ ርእሲ ዓንቀጽ ኣዳሊናልኩም ኣሎናሞ: ሰናይ ንባብ ይግበረልኩም።

ኢሰያስ ህይወት ኣሽሓት ኣሕዋትና ዝጥፍአ፣ ክብረ-መንነትና ዝጋህሰ፣ ሓድነትና ዝዘረገ፣ ጭዋ ባህልና ዘነወረ: ቅዱስ ሃይማኖትና ዘርከሰ፣ ቁጠባዊ ትሕዝቶ ህዝቢ ኤርትራ ዘብተኸ፣ ወለዶ ህዝቢ ኤርትራ ንኸይቅጽል ዝጨወየ፣ ልዑላውነት ኤርትራ ንኽቕንጥጥ ዝተሓለለ፣ ህዝቢ ኤርትራ ብግቡእ ምርጫ ዘይመረጾ፣ ጭፍራ ትግራይ ትግሪኝ ኣኻኺቡ ብሕገ-ኣልቦ ውዲት ዝተሾመ፣ ብቕልውላው መንነቱ ዝተዳህለ: ብስለላ መርበብ ዝሰልጠነ፣ ኣብ ዕጹው መንገዲ ተዓጊቱ ግና መዋጽኦ ጨኒቑዎ ተኸርዲኑ ዘሎ ኣፍሪቃዊ-ገዛኢ መበል 21 ክነሱስ፣ ነዚ ሰብዚ ካብ እገዳ ከድሕኑዎ ንጽባሕ ዕለት 22.02.2010 ዓ.ም. ኣብ ጀነቭ (ስዊዘርላንድ) ሰላማዊ-አልፊ ንኽገብሩ ዝዕጠቑን ዝሽብሸቡን ዘለው ስለምንታይ ኮን ይኾውን?

ኢሰያስ ኣብ ፊቐዶ ዜና-ማዕከናት ተጠሊዑ ከይሓፈረ ዓጀውጀው ዝኾነ: ቃለ-ምሕታት እናገበረ: ከም መራሕ-መንግስቲ ሃገር መሲሉ ንኽርኤ ካብዝፍትን ብዙሕ ኣዋናት ሓሊፉ። ኢሰያስ ጀጋኑ ኤርትራውያን ብማእሰርትን ቅንጸላን ስደትን ስለዝበተኾሉ: ሓላይ ህዝቢ ኤርትራ ተመሲሉ: ንሃገር ኤርትራ ኣብ ዋጋ-ዕዳጋ እናእተወ: ካብ ዝዋራዘ ድሮ ርብዒ ዘመን ተቓራሪቡ። ኣብ ዓለም ብዙሓት ዲክታቶራትን ፋሺስታውያን መራሕትን ሓሊፎም'ዮም። ግን ከኣ ምስቲ ኩሉ ጉድለታቶም ንህዝቦም ቅጫ የብልዑዎ ነይሮም'ዮም። ሕገ-ኣልቦ "ፕረሲደንት ኢሰያስ" ግና ንህዝቢ ኤርትራ ብሽብዱ ሕዙ: ኣማሲኑ ዝገዛኦ ዘሎ ጸሊም ጣልያን'ዩ። ጽባሕ ዕለት 22.02.2010 ዓ.ም. እምብኣር ንሕገ-ኣልቦ "ፕረሲደንቶም" ደጊፎም'ዮም ኮራኹር ኢሰያስ: ኣብ ጀነቭ (ስዊዘርላንድ) ሰላማዊ-አልፊ ንኽገብሩ ዝቀራረቡ ዘለው።

ሰንኪሎም ሓርነት ዘልበሱና ጀጋኑ ኣካለ-ስንኩላን ማይሓባር ብትእዛዝ ኢሰስ ክርሸኑ ከለው ጸማም ኣዝኒ ሂብካ: ሎሚ ግና ነቲ ሓለቓ ቀንጸልቲ ገዛኢ ኤርትራ ደጊፍካ. ጸረ እገዳ ፕረሲደንትና ኢና እናበልካ ምግዓር: ብገበን ዘኸስስ ነውራም ዕዮ'ዩ።ንመዋእል ተጋዲሎም ብተወፋይነት ክመርሑ ዝጸንሑ: ጀጋኑ ውሉዳት ደቂ ኤርትራ: ብዘይ ፍርዲ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ንኽምሽምሹ ዝፈረደ: "ንኢሰያስ: ስልጣኑ ይለምልመልና" ኢሎም ደገፎም ዝገልጹ ስሉባት: ንነብሶም ኣብ መስትያት ኣንተዝርእዩዋስ መለልዩዋ'ዶ? ተሰዊሮምን ተኣሲሮምን ዘለው ጋዜጠኛታትን፣ መራሕቲ ሃይማኖታትን፣ ጀጋኑ ውሉዳት ደቂ ኤርትራ'ን: ብሰንኪ ሕገ-ኣልቦ ኣዛዚ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ኢሰያስ ምኻኖም ኣናፈለጡ: ነዚ ሰብዚ (ንኢሰያስ) ደጊፎም ንጽባሕ ዕለት 22.02.2010 ዓ.ም. ኣብ ጀነቭ (ስዊዘርላንድ) ጸረ-እገዳ ንኽገብሩ ዝዕጠቑን ዝሽብሸቡን ዘለውን ሰባት'ሲ: ጽባሕ ንግሆ ኢሰያስ ከልግስ ከሎ እንታይኮን ክስምዖም'ዩ?

ብስለላ መርበብ ንምሉእ ህዝቢ ኤርትራ ዘርምዘርሞ ዘትረፈ: ንኣረሜን ኢሰይስ ደጊፎም ዝሻባሸቡ ዘለውስ: ሕማም ዕብዳን ድዩ ሕማም ጋኒን ሰፊሩዎም ዘሎ? ብሰንኪ ግፍዔኛ ኢሰያስ መንእሰይ ኤርትራ ግዳይ ዓመጽን ግፍዕን ስደትን ኮይኑ ከሎ: ነዚ "ሰብዚ" (ንኢሰያስ) ደጊፎም ንጽባሕ ዕለት 22.02.2010 ዓ.ም. ኣብ ጀነቭ (ስዊዘርላንድ) ሰላማዊ-አልፌ ንኽገብሩ ዝዕጠቑን ዝሸብሸቡን ዘለውን ሰባት'ሲ: ምስ እንስሳ ዘቤት ድዮም ክቑጸሩ ወይስ ምስ ኣንስሳ ዘገዳም?

ተቃሊሶምን ተሰዊኦምን ሰንኪሎምን ዘውረሱና: ካብ ኢድና ክትመልቑ ቊሩብ ተሪፉዋ ዘሎ ኤርትራ ሃገርና እናርኣዩ: ነዚ ሰብዚ (ንኢሰያስ) ደጊፎም ንጽባሕ ዕለት 22.02.2010 ዓ.ም. ኣብ ጀነቭ (ስዊዘርላንድ) ሰላማዊ-አልፌ ንኽገብሩ ዝዕጠቑን ዝሸብሸቡን ዘለውን ሰባት'ሲ ብሓቂዶ ኤርትራዊ መበቈል ኣለዎም?

እዞም ነዚ ሰብ'ዚ (ንኢሰያስ) ደጊፎም ንጽባሕ ዕለት 22.02.2010 ዓ.ም. ኣብ ጀነቭ (ስዊዘርላንድ) ሰላማዊ-አልፌ ንኽገብሩ ዝዕጠቑን ዝሸብሸቡን ዘለውን ሰባት'ሲ: ንዝመጽእ ወለዶ ሰላምን ፍትሕን ዝሰፈና፣ ሰብኣዊ መሰላት ብግቡእ ዝኽብረላ ምዕብልቲ ሃገር ንኽይትህልወና ይቃለሱ ከምዘለው ዶኾን ይስቈሮም ይኸውን? ስቓይን መከራን ህዝቢ ኤርትራ ኣናርኣዩ: ነዚ ብሕገ-ኣልቦ ጭፍራ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ዝቈመ ፋሺስታዊ መንግስቲ ጠጠው የብለልና ኢሎም ደገፎም ክገልጹስ: ብሕቂ ዘሕንኽ ታሪኽ'ዩ። ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ንዓወትን ነጻነትን ህዝቢ ኤርትራ ከምዝሰረቐ ኣንተዝርድኦም ነይሩስ: ከመይ ኮን ምተሰምየም ? ዓሻ ከመይ ኣሎ ድሓን ኣሎ: ዘመድ ዓሻ (ለብም) ግና ከፊኡ'ዎ'ሎ።

ኣብ እዋን ደርጊ ብኢሳፓ ዝጽዋዕ ዝነበረ ፓርቲ ቅዳሕ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ብተግባራቱኡ ነይሩ። መዓልቱ ስለዝኣኸለ ተሸሚሙ። ጽባሕ ንግሆ ድማ ዕጫ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ኣብ ስዓቱ ክበት'ኸ'ዩ። ኣሞ እዞም መንግስትና ይጽደቐልና ኢሎም ጽባሕ ዕለት 22.02.2010 ዓ.ም. ኣብ ስዊዘርላንድ ደገፎም ንክገልጹ ዝቀራረቡ ዘለው ተዛረብቲ ኣቑሒትከ: ምስቲ ሕገ-ኣልቦ ጭፍራ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ከምዝሽመሙ ይሓስቡ ዶኾን ይኾኑ?

ኣቶም ብህዝቦም ውሽጦም-ሕሩራት ኮይኖም ዘለው ደቂ ሃገር ግና: ከም'ቲ ምስላ-ኣበዋት ዝብሎ: "ዝቐተለ ሰብኣይኪ፡ ዝሞተ ሓውኪ፡ ቅጥዒ ነይብሉ ሓዘንኪ" እዮም ዝብሉዎም። መስኪን ህዝቢ ኤርትራ ግና ኣዝዩ የሕዝነካ። በቲ ሓደ ሸነኽ ብጭፍራ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ከምዘ ሓልፍ ይግፋዕ ኣሎ። በቲ ሓደ ኹናዕ ድማ በቶም ኣቦይን ኣደይን በብይኑ ጸሎቶም ዝኾኑ: ብኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. እናተዋራዘዩ: ግን ከኣ ገሊኦም ኮርኾር ወያኔ: ገሊኦም ድማ ወኻሩ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ኮይኖም ተስፋ ይቜርጽ ኣሎ።

**ህዝቢ ኤርትራ ንነብሱን ንጸላእቱ እንተድኣ ኣለልዩ ክድሕን'ዩ!**